
# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 32 ዓመት ቁ.280 ሰንበት 23 ሓምለ 2023 ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ማርያ ስክቶዶውስካ - ማርያ ኩሪ (1867 - 1934)




ገጽ 3
'ኣምበሰተ-ገለባ' ቀደም ወሰን ሎሚ ማእከል!



ገጽ 4
ቤት ትምህርቲ "ብርክስና" ኣጀርበብ ኣብ ርብዒ ዘመና



ገጽ 5
መልሲ ሕቶይ!



ገጽ 7
ኣርሰናል 200 ሚልዮን ፓውንድ ኣውጺኣ . . .



## ኮለጅ ስነ-ፍልጠት ማይ ነፍሒ፡ 242 ተመሃሮ ብዲግሪ ኣመሪቑ



ኮለጅ ስነ-ፍልጠት ማይ ነፍሒ፡ ትማሊ 22 ሓምለ ኣብ ዘካየዶ መበል 16 ስነ-ስርዓት መመረቕታ፡ 58 ሚእታዊት ደቂ-ኣንስትዮ ዝርከባኦም 242 ተመሃሮ ብዲግሪ ኣመሪቑ።

ምሩቓት፡ 81 ብባዮሎጂ፡ 46 ብኬሚስትሪ፡ 34 ብሕሳብ፡ 34 ብስታቲስቲክስ፡ 23 ብፊዚክስ፡ 22 ብስነ-ምድሪ፡ ሓደ ብስነ-ፍልጠት ቤት-ንባብን ሓበሬታን፡ ሓደ ድማ ብምህንድስና ስነ-ባሕሪ'የ-ም ትምህርቶም ዛዚሞም።

ሚኒስተር መሬት፡ ማይን ኣከባቢን ኣቶ ተስፋይ ገብረስላሴ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ቀንዲ ዕላማ መስርሕ ዘመናዊ ምምሃርን ምስትምሃርን፡ ኣተሓሳስባ ናይ ዜጋታት ብምምእዛን፡ ሃገራዊ ስሒት፡ ርግኣት፡ ፍትሒ፡ ናጽነትን ማዕርነትን ዜጋታት ዘኾልብት፣ ግብዝና ዝጸየን ባህልን ስነ-ምግባርን ምኹብኻብ፣ ስነ-ፍልጠትን ቴክኖሎጂን ብምውናን ድማ ንልምዓትን ሓባራዊ ራህዋን ብልጽግናን መንገዲ ምጥጣሕ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ መንግስቲ ኤርትራ ዘመናዊ ትምህርቲ ንኻልእ ዘይሕደግ ሓላፍነቱ ቈጺሩ፡ ኣብ ቀዳምነታት ዝስራዕ ዓብዪ ሃገራዊ ዕማም ገይሩ ይሰርሓሉ ከምዘሎ ገሊጹ።

ዲን ኮሌጅ ስነ-ፍልጠት ፕሮፌሰር ገብራይ ኣስገዶም ብወገኑ፡ እቲ ኮለጅ ካብ 2008 ክሳብ'ዚ ዓመት'ዚ 3,647 ተመሃሮ ከምዝመረቐ፣ ካብዚኦም እቶም 84 ብማስተርስ፡ 2,785 ብዲግሪ፡ 778 ድማ ብዲፕሎማ ምዃኖም ብምጥቃስ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ንጥፈታት ተዋፊሮም እጃሞም ኣብ ሃገራዊ ልምዓት የበርክቱ ምህላዎም ሓቢሩ።

ፕሮፌሰር ገብራይ ወሲኹ፡ ፖሊሲ መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ትምህርቲ፡ ንቕሕ፡ ፈጣሪ ዕዩ፡ ርእሰ-ተኣማንነት ዘለዎን ኣፍራዩን ዜጋ ምኹስኳስ ምዃኑ፣ እዚ ሸቶ'ዚ ንኽሰምር ድማ፡ ደረጃኡ ዝሓለወ ስርዓተ-ትምህርቲ፡ ብቑዓት መምህራን፡ እኹልን ብቑዕን መሳለጥያ ትምህርቲ፡ ከምኡ`ውን ኣብ ውሽጥን ወጻኢን ምስ ዝጥዩ መሻርኽቲ ድልዱል ዝምድና ምፍጣርን ብዞባኡ ምምሕዳሩን ከምዝድሊ ኣስሚሩሉ።

ወኪል ተመረቕቲ ድማ፡ ናብ'ዚ ደረጃ ንዙብቅዕዎም ኩሎም "የሃና" ድሕሪ ምባል፡ ምምራቕ ሓላፍነት ምስካም ስለዝኾነ፡ ብዓጸፋ ስራሕ ክኽሕሱ ዘለዎም ድልውነት ኣረጋጊጹ።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ ትምህርቶም ጸብለል ንዝበሉ ሸሞንተ ተመሃሮ፡ ወረቐት ምስክር ተዓዲሉ።

ኮሌጅ ስነ-ፍልጠት - ማይ ነፍሒ፡ 15 ካብ መምህራኑ ወጻእተኛታት 39 ድማ ደቂ ሃገር ክኾኑ ከለዉ፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ 35 ካብ ኣባላቱ ብማህደረ-ትምህርቲ ኣብ ሩስያ፡ ቻይና፡ ሃንጋሪ፡ ኬንያ፡ ሰርብያን ጃፓንን ናይ ማስተርስን ዶክትረይትን ትምህርቶም ይከታተሉ ከምዘለዉ፡ ሰነዳቱ የገጽር።

## ሃማመተኤ ጨንፈር ሰ/ቀ/ባሕሪ፡ ኣብ ተመሃሮ ኣተኩሩ ዘካየዶ ንጥፈታት ብእወታ ተገምጊሙ



ሃማመተኤ ጨንፈር ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ውዳበታቱ ኣብ ተመሃሮ ንምስፋሕ ዘተግበሮ መደባት ኣተባባዒ ውጽኢት ከምእተረኽበ፡ ብ19 ሓምለ ኣብ ከተማ ባጽዕ ኣብ ዘካየዶ መንፈቓዊ ገምጋም ተገሊጹ።

ሓለፍቲ ንኡሳን ዞባታት፡ ኣብ ቀዳማይ መንፈቕ ዝተተግበረ መደባት ብመንጽር ዝከበረ ውጥን ኣብ ዘቕረብዎ ጸብጻባት፡ ዝተራእዩ ብልጫታትን ድኽመታትን ገሊጾም።

ሓላፊ ፖለቲካን ውዳበን መንእሰይ ተኽለ ዘርኡ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ኣብ መብዝሕትኡን ንኡስ ዞባታት ኣብ ተመሃሮ ኣተኩሩ ዝተዓመ ናይ ምውዳብ ስራሓት ኣተባባዒ ምንባሩ ብምጥቃስ፡ ኣብ ዝቐርብ ጸብጻብ ዕቱብነት ክህሉ ተላቢዩ።

ሓላፊ ፖለቲካዊ ጉዳያት ህግደፍ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ኣቶ ኣሕመድ ጃዕፈር ብወገኑ፡ ሃማመተኤ ወለንታውነት ናይ ምትብባዕ መርገጹ ዓቂቡ ክኸይድ ኣገዳሲ ከምዝኾነ ብምግላጽ፡ ጨንፈር ሃማመተኤ ውዳበታቱ ኣብ ርሑቕ ከባቢታት ንኡስ ዞባታት ቅሮራን ኣዶብሓን ብምስፋሕ ንዝሰላሰሎ ዘሎ ንጥፈታት ሞጒሱ።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣቦመንበር ሃማመተኤ ኣቶ ሳልሕ ኣሕመዲን፡ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ናይ ባህሪ መጻዓዝያ፡ መራኸቢታትን ካልእን ጸገማት ዘለዎ'ኳ እንተኾነ፡ ምስ'ዚ ኹሉ ጸገማት ዳርጋ ኩለን ንኡስ ዞባታት ውዳበታተን እናሰፍሓ ምምጽአን ብምምስጋን፡ ብዝለዓለ ክድፋኣሉ ጸዊዑ።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ንሓለፍቲ ሃማመተኤ ኣብ ንኡስ ዞባታት፡ ኣብ ምሕደራ ቤት-ጽሕፈትን ሓፈሻዊ ስትራተጂካዊ ውጥን ማሕበርን ዘተኮረ ስልጠና ከምእተዋህበ፡ ወኪል ኤሪና ሓቢሩ።

## መደበር ፈልሲ ተራእምኒ ልዕሊ 200 ሽሕ ፈልሲ ብናጻ ዓዲላ

ኣብ ንኡስ ዞባ ድባርዋ እትርከብ መደበር ፈልሲ ተራእምኒ፡ ሎሚ ዓመት 216 ሽሕ ፈልሲታት ኣዳልያ፡ ንገረብቲ ብናጻ ብምዕዳል - ኣብ መደባት ምግራብ ዕዙዝ ኣበርክቶ ትገብር ኣላ።

እቲ ፈልሲታት፡ ልዕሊ 50 ሚእታዊት ቀላሚጦስ ክኸውን እንከሎ፡ ዝተረፈ ድማ ጎሞሮ፡ ታህሰስ፡ ሸዊት-ሓጋይ፡ ኒም፡ ግራዋ፡ ትራኮማታን ዒቃን ዝርከቦ 15 ዓይነታት የጠቓልል።

ኣካያዲ ስራሕ ናይ'ታ መደበር ፈልሲ ኣቶ ግርማይ ኣርኣያ፡ ኣብ'ቲ ከባቢ ብውልቀ-ሰባት ወይ ብውልቀ-ትካላት ቡብዓመቱ ክትከሉ ዝጸንሑ ፈልሲታት ኣግራብ፡ ብዝገበረሎም ዘሎ ክንክንን ሓለዋን ኣብ ጽቡቕ ደረጃ ከምዝበጽሑ ብምርግጋጽ፡ እቲ ስራሕ ብዝበለጸ ክተባባዕ ኣዘኻኺሩ።

ዛጊት ልዕሊ 20 ሽሕ ፈልሲታት ከምእተዓደለ ጠቒሱ ድማ፡ ናብ'ታ መደበር ፈልሲ ዘእቱ ዘይጥጡሕ ዝከበረ ጽርግያ ብምጽጋን፡ ኣብ ኣሳልጦ ስራሕ ሓጋዚ ኩይኑ ከምዘሎ ሓቢሩ።

# ኵርናዕ ተመሃሮ


ሱራፌል ተስፋብሩኽ

ሌላ ምስ መሃዝቲን ስነ -ፍልጠተኛታትን ብሓጺሩ

## ማርያ ስክቶዶውስካ - ማርያ ኲሪ

(1867-1934)

ማርያ ስክቶዶውስካ ኣብ ፖላድ ተወልደት። ማርያ ካብቶም ሓሙሽተ ውሉድ ዝነበሩዋ ስድራ ሓምሻይ መትሎ ነበረት። ሕሳስልደት ድማ'ያ። ኣቦኣ ስነ-ቍጽሪን ፊዚክስን እናመሃረ እንከሎ፡ ምስኡ ኸኣ ዳይረክተር ነበረ። ንቤት ምርምራት ናይ ፖላዳውያን ቤት ትምህርትታት፡ ሩሲያውያን ክዓጽውዎ ስለ ዝደለዩ ንዘበዝሓ መሳርሒታት ናብ ገዛኡ ኣግዓዞ። ብኸመይ ከም ዝሰርሕ ከኣ ንደቁ ይምህሮም ነበረ። ኣብ ትሕቲ ሩሲያ ዝነበረት ፖላንድ ነጻነታ ንምምጻእ ኣብ ዝነበረ ምልዕዓላት ነቲ ብስድራቤታ ክትረኽቦ ዝነበራ ብልጫን ዕድላትን ክትከስሮ ተገዲዳ። ኣቦኣ በቲ ምልዕዓላት ብሩሲያውያን ካብ ስራሕ ተባረሩ።



ኣደኣ ኸኣ ብሕማም፡ ማርያ ጓል 11 ዓመት እንከላ ዓረፈት። ሓብታ'ውን ደድሕሪ ኣደኣ ብምስዓባ ኣብቲ ገዛ ኣንጸላልዩ ዝነበረ ደበና ሓዘን መሊሱ ከም ዝጸልምታ ገበረ። ኣብዚ ዕድመኣ ኣብ ሓደ ናይ ቦርዲን ቤት ትምህርቲ ክትመሃር ጀመረት። ጸኒሓ ናብ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ጂምናዝዩም ተጸምብራ ብናይ ወርቂ መዳልያ ሸልማት ተዓወተትሉ።

ማርያ ብዝነበራ ጸቕጢ ኣብ ገጠራት ናብ ዝርከቡ ቤተ ሰባ ብምኻድ ክትቀመጥ ጀሚራ። ኣብኡ እናመሃረት ናብ ናይ ትምህርቲ ሸውሃታ ተመልሰት። ኣብ ሓደ ዓመት ማርያን ብሮኒስላዋ ሓብታን ሓደ ስምምዕ ገበራ። ንኽልተ ዓመት ሓደኣን ክመሃራ፡ ሓደኣን ከኣ እናሰርሐት ክትናቢ፣ ኣብታ ካልኣይቲ ክልተ ዓመት ከኣ እታ ኣብ ስራሕ ዝነበረት ክትመሃር፡ እታ ኣብ ትምህርቲ ዝጸንሐት ከኣ ክትሰርሕ ተሰማምዓ። ማሪያ በዚ ምስ ሓብታ ዝመሃዘኦ ጥበብ እናሰርሓ እናተማሃራ እናቐጸላ ሓብታ ተመርዓወት'ሞ ምስኣ ናብ ፓሪስ ወሰደታ። ማርያ እናመሃረት፡ ንባዕላ እናተማህረት፡ ንቍጽሪ፡ ፊዚክስ፡ ሕክምናን ካልኦት በብእዋኑ ዘጽናዓቶም እተፈላለዩ ዓውድታት ኣጽነዐት። መወዳእታኡ ናብ ዋርሳው ብምምላስ ምስ ኣቦኣ ክትቀመጥ ጀመረት። ናብ ፓሪስ ተመሊሳ'ውን እንደገና ስነ-ፍልጠታዊ ምርምራ ጀመረት። ንማግኔታዊ ባህሪ ብረታውያን ናይ መጀመርታ ምርምራ ነበረ። ኣብዚ እዋን እዚኣ ኸኣ ምስ ብዓልቤታ ፒረ ኲሪ ተላለየት። ክልተኦም ኣብ ተፈጥሮኣዊ ስነ-ፍልጠት ናይ ሓባር ተገዳስነት ስለ ዝነበሮም ከኣ ብሓንሳብ ክቕጽሉ ሓገዞም።

ኣብ እዋን ቀዳማይ ኲናት ዓለም፡ ማርያ፡ ኣብ ኲናት ዝቘሰሉ ወተሃደራት ኣብ ቀረባኦም ብዝቐልጠፉ ክሕከሙ ዝበለጸ ምኽኑ ተገንዘበት። ንሕክምና ራድዮሎጂ ዝኸውን ናይ ቀረባ ማእከላት ክህሉ ኣሎዎ ኢላ ሓሰበት። ብቐልጡፍ ንራድዮሎጂ፡ ኣናቶሚን ኣውቶሞቲቭ መካኒክስን ድሕሪ ምጽናዕ፡ ኣብ መኪና ዝጸዓን መሳርሒታት ኤክስረይን መካይንን ተንቀሳቓቕስቲ ጀነሬተርን ኣማዕበለት። በዚ ኸኣ ናብ ድፋዓት ብቐሊሉ ክቐርባ ዝኽእላ ተንቀሳቐስቲ ናይ መብጣሕትን ጨረርታን ኣሃዱታት ሕክምና ከም ዝህሉ ገበረት። ብ1915 ሓደ ሕብሪ ዘይብሉ ናይ ራድየም ድቃል ዝመልስ ጋዝ፡ ጸኒሑ ራዶን ምኳኑ ዝተፈልጠ ባእታ፡ ብምጥቃም እተዳለወ ስሪንጋ ንዝተለኽፈ ክፋል ኣካሊት (ቲሹ) ከም ዝሕክም ገይራ ኣማዕበለትን ኣፍረየትን። እዚ ኣብ ፈረንሳ ናይ ፈለማ ናይ ራድዮሎጂ ሕክምና ነበረ።

ማርያ ኲሪ እታ ቀዳመይቲ ሸልማት ኖበል እተሸለመት ጓል-ኣንስተይቲ፣ እታ ቀዳመይቲ ክልተ ግዜ - ብኽልቲኡ ጾታ - ንሸልማት ኖበል እተዓወተትሉ፣ እታ እንኮ ብኽልተ ዓውዲታት ነዚ ሸልማት ዝበቕዐት ሰብ ተባሂላ ክሳዕ ሎሚ ብኽብሪ እትጽዋዕ ስነ-ፍጠተኛ እያ። ብ1903 ንሳ ምስ ብዓልቤታን ሄንሪ ባኲረልን ብምኳን ኣብ ሬድዮ-ኣክቲቪቲ ብዝዓየይዎ ስራሕ ብፊዚክስ ክትሸለም እንከላ፡ ብ1911 ኸኣ ኣብ ራድየምን ፖሎኒየምን ብዝገበረቶ ኣበርክቶ ብኬምስትሪ ተሰሊማ።

## ፒረ ኲሪ፡ ፈላጥ ፊዚክስ፡



ስራሕ፥ ኬምስትሪ፡ ስነ-ፍልጠተኛን መምህርን

ዕ/ልደት፥ 15 ግንቦት 1859

ንፒረ ኲሪ ክልተ ዝበለጹ መሳርሕቱ፤ መመራምርቱ ሰበይቱ ማራያ ኲሪን ሓው ጃኩይስን እዮም። ፒረ ንክሪስታሎግራፊን ፒዞኤለክትሪክ ኢፈክትን ረኸበ። ብተወሳኺ ማግኔታዊ ጠባይ ናይ ሓደ ሳብስታንስ ምስ ምልውዋጥ መጠን ረስኒ ከም ዝቀያየር ድማ ፈለጠ። እዚ ደረጃ ናይ ኲሪ ነጥቢ ተባሂሉ ይፍለጥ። ብዘይካኡ'ውን ምስ ብዓልቲቤቱ ብምኳን ንሬድኣክቲቪቲ እተፈላለየ ኣገደስቲ ምርምራት ኣካይዱ'ዩ።


## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**

ኣስፍሃ ተኽለማርያም

**ምክትል ኣሰናዳኢ**

ብርሃነ ምሕረትኣብ

ቍ.ስ 116266 / 201820(2220)

**ቦርድ ምስንዳእ**

ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ

ቍ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**

ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ
ቤተልሄም ታደሰ
ፍርቱና ኤፍሬም

ቅሳነት ተወልደ

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቍ.ስ.200454-07121322

**ምልክታ**


ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284


## ጨረርታ ሬድዮኣክቲብ

ሬድዮኣክቲቪቲ ብ1895 ብፈረንሳዊ ስነ-ፍልጠተኛ ሄንሪ ባክኲረል እዩ ዝተረኽበ። ሬድዮኣኪቲቭ ዝበሃሉ ባእታታት ሓያል ጨረርታ ዝጸርጉ እዮም። ንህይወታውያን ክቐትሉ ይኽእሉ፣ ግን ከኣ ዓቢ ጥቕሚ ኣለዎም። ኣልፋ፡ ቤታን ጋማን ተባሂሎም ድማ ኣብ ሰለስተ ይኽፈሉ። መጀመርታ ምስ ተረኽቡ እንታይ ምኳኖም ዝፈልጥ ኣይነበረን። ኣብኡ እንከለዉ ኣልፋ፡ ቤታ፡ ጋማ ኢሎም ሰምየሞም። እዞም ጨረርታ ካብ ሬድዮኣክቲቭ ነገር ጸሪጎም ብሓያል ፍጥነት ይጓዓዙ። ኣልፋን ቤታን ኤለክትሪክያዊ ቻርጅ ዘለዎም እዮም። ኣብ ወሃዮ ዝኾነ ህይወታዊ እንተ በጺሖም ክቐትልዎ ወይ ከዕንውዎ ይኽእሉ። ልዑል ዓቐን ናይዚ ጨረርታ'ዚ ልክዕ ከም ጓህሪ ኮይኑ ብዙሓት ወሃዮታት ክቐትል ይኽእል።

ጸርጊ ኣልፋ ብቐሊሉ ክንከላኸሎ ይከኣል እዩ። ከም ሓንቲ ፊልዮ ወረቐት ዝምርቃቑ መከላኸሊ እዩ ዝኣኽሎ። ቤታን ጋማን ግን ብዘይ ጸገም ሰንጢቖም ኣካልና ክኣትዉ ይኽእሉ እዮም። ኣብ ህዋሳትና ዝርከቡ ወሃዮታት ድማ የዕንዉ። ውሑድ ዓቐን ጨረርታ ሽሕ'ኳ ውሑዳት ወሃዮታት ይቐትል እንተ ኾነ ጉዳኢ ኣይኮነን። ሓደገኛነቱ ኣብ ከሚካላዊ ትሕዝቶ ወሃዮታት ለውጢ ክገብር ዝኽእል ብርተዐ እንተሃልይዎ እዩ። እዞም ከሚካላት ንሓደ ወሃዮ ከመይ ይሰርሕ ዝቈጻጸሩ ኮምፕለክስ መለኩላት DNAን RNAን እዮም። ከም ውጽኢቱ እቶም ወሃዮታት ካብ ቍጽጽር ወጻኢ ይኾኑ። ርእሶም ዝኽእሉ ካልኦት ወሃዮታት ኮይኖም ይዓብዩን ይምቀሉን። እኩብ ናይ ካንሰር (መንሸሮ) ወሃዮታት ይፈጥር። ኣብ ወሃዮታት ዘርኢ ስርዓተ-መፍረ እንተ በጺሖም ሕማቕ ኣቃውማ ዘለዎም፡ መሓውር ዘይብሎም ወይ ናይ ኣእምሮ ጸገም ዘለዎም ዕሸላት ክውለዱ ይኽእሉ።

ብዘይካ ኣብ ልዕሊ መሬት ኣብ ብዙሕ ኣኻውሕ ዘለዎ ቦታ'ውን ይርከብ እዩ። ራዶን ዝብሃል ሬድዮኣክቲቭ ጋዝ ከም ውጽኢት ከሚካላዊ ውህደቶም የመንጭዉ። እዚ ጋዝ ናብ ህንጻታት ሰሊኹ ሰባት ክስተንፍሱ ከለዉ ክስሕብዎ ይኽእሉ። እዚ ጽልዋ ትሕተ-ባይታ ጨረርታ ይብሃል። ካብ ማእከላይ ገምጋም ንላዕሊ እዞም ሪድዮኣክቲቭ ጥረ-ነገራት ኣብ 'ግራናይት' ኣኻውሕ ይርከቡ። ኣብ ከምዚ ዓይነት ኣኻውሕ ዘለዎ ቦታ ዝነብሩ ንገዛውቶም ራዶን ከይህልዎ ቀጻሊ መርመራ ክካይድሉ ኣለዎም። ተመራመርቲ ስነ-ህይወት ትሕተ-ባይታዊ ጨረርታት ንጅን ወሃዮታት ስርዓተ-መፍረ ለውጢ ወይ ምቅይያራት ከም ዝገብረሉ ይኣምኑ። እዚ ለውጢ'ዚ ጠንቂ ምፍልላይ ህይወታውያንን ንኻልእ ፍልቀት ባይታ ዝኸፍትን ምኳኑ ይገልጹ።




## ጥቕሲ እዚ ሰሙን

"ክትዕ ክጠፍእ እንከሎ፡ መሳርሒ ሰነፋት ጸለመ እዩ ዝኸውን።"

- Socrates

ንትምህርቲ፡ ምህዞ፡ ርኽበትን ሓፈሻዊ ህይወትን ዝገልጽ ጥቕሲ

# ‘ኣምበሰተ-ገለባ’ ቀደም ወሰን ሎሚ ማእከል!



ሸዊት ገብረብርሃን
ኣ/ዜ/ዞ/ደቡብ

ኣብ ዞባ ደቡብ፡ ኣብ ከባቢ ደቡባዊ ክፋል ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ ተደኲኖን ካብ ዝርከብ ዓድታት እየን - ዓድታት ኣንበስተ-ገለባ፡ ብሰለስተ መኣዝን - ብደቡብ፡ ብምብራቕን ምዕራብን ምስ ኢትዮጵያ ይዳወባ፡፡ከም ኩሉ ኣብ ከባቢ ዶብ ዝነብር ህዝቢ ኤርትራ፣ ኤርትራን ኤርትራውያንን ንምንብርካኽን ንምጥፋእን ኣብ ዝተኻየዱ ጠበናም ዝዒይኑየም ሸርሒታት፡ ኣደራዕን ሕሰምን ስርዓታት ኢትዮጵያ፡ በብእዋኑ ካብ ዝበጽሐን ዓድታት ሃገርና ድማ እየን፡፡ ይኹን እምበር፡ ህዝቢ ኣምበስተ-ገለባ ኣብ ጉድኒ ምዑታት ደቂ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ብምዃኑ፡ ንኹሉ ዝመጽአ ተጻብኦታት ክጸም'ቲ ደረጃኡ እናማከተ መሬቱ ኣሕሊፉ ከይሃበ - ብጽንዓት ክከላኸል ዝጸንሐን ዘሎን ህዝቢ እዩ፡፡

ከም መርኣያ ተጻዋርነቱን መኸተኡን እምበኣር - ነቲ ኣብ ዝሓለፈ ርብዒ ዘመን ፍጹም ጠጠው ዘይበለ ተጻብኦታት ዕሉብ ጃንዳ ወያነ ኣኸይምቱን እናኣፍሸለ





ክንዓዝዞ ድሕሪ ምጽናሕ፣ ኣብ 2018 ድሕሪ ምኽታም ውዕል ሰላም ኤርትራን ኢትዮጵያን፡ ንዝጸንሐ ልምዓታዊ ሕጽረት በብመድረኹ ኣብ ምፍታሕ ይርከብ፡፡ ከም ኣካል ናይ'ቲ ዝቐጽል ዘሎ ስራሓት ከኣ፡ ብ18 ሓምለ 2023 ንህዝቢ ምምሕዳር ከባቢ ኣምበስተ-ገለባን ኣብ ከባቢኡ ዘለዋ ዓድታትን ማሰተርሃያት ዝፈጠረ ሓደ ዓቢ ዕድል ከውን ኩይኑ፡፡

እታ ዕለት፡ ኣብ'ቲ ከባቢ ብሓፈሻኡ - ፍሉይ ፍሰሃ ዘደንገለት ኩይና እያ ተቐልቂላ፡፡ ምምራቕ ናይ'ቲ ብልዕሊ 6 ሚልዮን ናቕፋ ዝተሃንጸ 9 ኪ/ሜ ዝነውሓቱ ማስመር/ ጽርግያ ሰርሓ - ኣምበስተ-ገለባን፡ ምጅማር ማስመር መጓዓዝያ ሓራትን ዘበረት ኣጋጣሚ ብምንባሩ፡፡ እቲ ናይ ሓመድ ጽርግያ፡ 9 ሜትሮ ጉድኒ ዘለዎ ምሩጽ ሓመድ ዝተገጸፈሉ ኮይኑ፡ ንውሕጅ ዝከላኸል ካናሊታትን ተገዲፉ ቢንቶታትን ዘጠቓለለ እዩ፡፡

ብዘይካዚ፡ ንበርቲ ኣንበስተ-ገለባን ኣብ ከባቢኣ ዝርከብ ዓድታትን ዘልግል ዕዳጋ ከምእተኸፍተ እውን ተፈሊጡ፡፡

ኣቦ'ቲ ብእሹላት ዝቖጸሩ ነበርትን ተወለድትን ናይተን ዓድታት ዝተረኽቡሉ ናይ ምምራቕ ስነስርዓት፡ ኣዛዚ ማእከላይ ግንባር ብጀነራል ተኽለ ክፍላይ፡ ጸሓፊት ህግደፍ ዞባ ደቡብ ወ/ሮ ኣመተ ንገሰ፡ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ምምሕዳርን ፋይናንስን ምምሕዳር ዞባ ኣቶ ተኪኤ ተወልደ - ነቲ ጽርግያን ኣገልግሎት መጓዓዝያን መረቑም ከፊቶምዎ፡፡

ኣጉዳሰት ህላወ ማስመር መጓዓዝያ ዝኸውን ሰብ ዝርድኦ እኳ እንተኾነ፡ ብዚያዳ ከኣ - እቲ ብሰንኪ ዘይምህላው ከጸግምን ክሸገርን ዝጸንሐ እዩ ዝርድኦ፡፡ ህዝቢ ኣምበስተ-ገለባ፡ ንልዕሊ ሰለስተ ሰዓታት ዓቐብን ቁልቁልን ወሪዱን ደዪቡን ህይወቱ ይመርሕ ከምዝነበረ፣ ኣዴታት ኣብ ግዜ ሕርሲ ተጸይረን ኣብ ዝኸዳሉ - ብሰንኪ ሓርጎጽጎጽ ምስ ዕሸለን ክሳብ ሞት የጋጥመን ምንባሩ፣ ወሉዲ ስወኣት ደበስ ደቂም ንምምጻእ ኣብ ዝኸዓዝሉ ናይ ምጽዓፍ ሓደጋ የጋጥሞም ምንባሩን ካልእን. . . ከቢድ እዋን ከምዝሕለፉ እዮም ገሊጾም፡፡

መንግስቲ ኤርትራ፡ ምዕሩይ ዝርጋሐ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ኣብ ኩለን ከባቢታት ሃገርና ከምዝህሉ ንምግባር - ብመንገዲ መኸተ ልምዓት ይፃጠፍ ከምዝሎ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ህዝቢ ምምሕዳር ከባቢ ኣምበስተ-ገለባ እውን ተቛዳሲ ናይ'ዚ መደብ ንምንባሩ፡ ኣብ ማእከል ዓዱ ቤት-ትምህርትን መደበር ጥዕናን ተሃኒጸሉ፣ ማስመር ጽሩይ ዝሰተ ማይ ተዘርጊሑሉ - ደቁ ከምሃርን መጁታዊ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ረኺቡ ካብ ሕማማት ክፍወስን ጽሩይ ማይ ክሰትን በቒዑ ኣሎ፡፡

ሰኣን ማስመር ጽርግያን ኣገልግሎት መጓዓዝያን ዘጋጥሞም ዝበረ ጸገማት ንምፍታሕ፡ ኣብቲ ከባቢ ዝርከቡ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ምስ ነበርቲ እቲ ከባቢ ኣደን ሻንትን ብምዃን - ካብ 9 ሰነ ኣትሒዞም ነቲ መደብ ከም ዝተተሓሓዝዎ ዝገለጹ ነቲ ስራሕ ዝመርሑ ዝበሩ ኣዘዝቲ፡ ክሳብ 17 ሓምለ ኣብቲ ስራሕ ብምጥፈት ከምዝጸንሑ ብምሕባር፡ ህዝቢ'ቲ ከባቢ ካብ ጉድኖም ከይተፈለየ ንዘለለሎም ጉልበታውን ሞራላውን ደገፍ ከምኡ'ውን ንምትብባዖም ዝዕበሮ ዝበረ

ናይ እኽሉማይ እንግዶት ሞጉሶም፡፡

“መንግስቲ ኤርትራ፡ ህዝቢ እዩ - ናይ ህዝቢ መንግስቲ እዩ” ዝበለ ኣመሓዳሪ ምምሕዳር ከባቢ ኣምበስተ-ገለባ ኣቶ ነጋሲ መሓሪ - ኣብቲ ኣጋጣሚ ኣብ ዘስምዖ ቃሉ፡ “ሰራዊትና፡ ኘ ናይ ትማሊ ቁስሊ ከይሓወየ፡ ሓመድ እግሩ ከይሃገፈ፡ ሽግራት ህዝቡ ንምቕላል ዝ.ኢ. እንጽርእዮ ዘለና ኣደናቒ ውሕልነት ዝሓለፎ ጽርግያን መጓዓዝያን ብምውዳድ - ጸገም ህዝቢ ፈቲሒሉ፡፡ ብሰንኪ ሽግር መጓዓዝያን ራሕቂ ዕዳጋን ካልእን ናብ

መንግስቲ ኢትዮጵያ - ነቲ ምስኡ ዝጸቐለን ክሳብ መወዳእታ ተሓንጊጥዎ ዝነግዓዝ ዘሎን ሕልሚ “ዓብይ ትግራይ” ክውን ንምግባር፡ ቅድሚ'ቲ እወጅ ኲናቱ ‘ምጥራር ዶብ’ ብዝብል ዘካይዶ ዝበረ - ከም ኣብ ወሰናስን ዶብ ንዝርከብ ህዝቢ ኤርትራ ምስጓጉ፡ ምግፋዕ፡ ምዝንባል፡ ንብረቱን ጥሪቱን ምዝማት ዝኣመሰለ ዘይእወጅ ኲናት ዘኪዱ፡፡

ኣብ መንጎ'ቲ ኣብ ዶብ ዝነብር ህዝቢ ክልቲኤን ሃገራት ግርጭት ንምፍጣር ሓዊ

ከተማታት ተሰዲዱ ዝበረ ህዝብና ከኣ ናብ ዓዱ ይምለስ ኣሎ” ኢሉ፡፡

ዝ.ኢ. ማሰርሃያት እዚ ክርእዩን ተቛደስቲ ጸጋታት ናጽነት ክኾኑን ብኣውራኡ “ኣምበስተ-ገለባ ቀደም ወሰን ሎሚ ማእከል” ክትከውን ዝበቕዕዎም ኣካላት መንግስቲ ብሓፈሻ - ንሓይልታት ምክልኻል ድማ ብፍላይ፡ ብስም ህዝቢ'ቲ ምምሕዳር ከባቢ ምስጋናኡ ኣመሓላለፉ ኣቶ ነጋሲ፡፡

ነቲ ስራሕ ኣብ ምእላይ ካብ ዝጸንሑ ኮሚቲ ዓዲ ሓደ - ኣቶ ገብረመድህን ጠዓመ፡ ብጉጅለ ወያነ ዝምራሕ ዝበረ

ምስዋር፣ ከም ሓደ ዓቢ መደብ ወሲዱ ንዝዊሕ እዋን ክሰርሓሉ እንከሎ፣ ብወገን መንግስቲ ኤርትራ - ጉዳይ ዘይኣንፈቱ ንከይሕዝ ብምባል ብዓቃልን ልዙብን ኣገባብ እዩ ተታሒዙ፡፡ እንተኾነ ግዱ እቲ ንሱ ዝሓሰቦ ዝጉዕበሮን እምበር ዝመጽኦ መዛዘ ዘይፈልጥ ጭፍራ ወያኑ፣ ሰራዊት ምክልኻልና ኣፍራዛን ባዴላን ኣብ ኢዱ ዓትዒቱ ኣብ መደብ ህንጸት ሃገር እንከሎ፡ ኣብ 1998 ኲናት ወሊዑ ክሳብ 2000 ዓ/ም ሰለስተ ፍሽላት ወራራት ኣካይዱ፡፡ ሕቖኡ ምስ ተሮኾመሸ ግዳ - ኣብ 12 ታሕሳስ

2000 ኣጠቓሊሉ ውዕል ሰላም ክፍርም ተቐሰበ፡፡

እንተኾነ፡ ብምትብባዕ ናይ'ቶም ነቲ ስምምዕ ኣወሓሰቲ ዝተባህሉ ኩሉ ግዜ ካብ ጉድኑ ዘይፍለዩ ዘራያቱ ተዓሺዩ - ንልዕሊ 20 ዓመታት ካብ መሬትና ምውጻእ ሓንጊዱ ብምጽናሕ፡ ኣብ ዶብ ዝነብሩ ከም ኣምበስተ-ገለባ ዝኣመሰሉ ዓድታት ሃገርና በቲ ዝሓጸረን ዝጠጥሐን መሬቶም ከይመሓለሱ፡ ንጸድፍን ሞትን ተፈሪዶም ምጽንሖም ብምዝካር ኣቶ ነጋሲ - ዝ.ኢ. ብርሃንዚ ኘክርእዩ ዘበቕዕዎም ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ደጊሙ ኣማስጊኑ፡፡

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ ኣቶ እድሪስ ዓሊሸር እውን ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ ቃል ኣሰሚዑ ነይሩ፡፡ “ማስመር ሰርሓ - ኣምበስተ-ገለባ ንኽትርእዮ ደኣ ሓጺር ይመስል እምበር፡ ኣገዳስነቱን ትርጉሙን ግን ልዕሊ ንውሓቱን ርሕቀቱን እዩ” ዝበለ ኣቶ እድሪስ፡ ረቡሓኡ - ንኣምበስተ-ገለባ ጥራይ ዘይኮነ ንብምሉኡ ኣብ ምብራቓዊ ኣጻድፍ ዘሎ ከባቢታት ዘገልግል ምዃኑ ሓቢሩ፡ ጸቡቕ ናይ ምጅማር እዋን ክኸውን ተመኒዩ፡፡

ከባቢያ መጓዓዝያ ሓራት እውን ልክዕ ከም ካልኦት ትካላት ኣገልግሎት ነቲ ኣብ ላዕሊ ዝተገልጸ ዕላማታት ንምርግጋጽ ዘገልግል ትካል ብምዃኑ፡ ብርትዓዊ ዋጋ ኣገልግሎት ምጅማሩ ከምዝሓጎሶ ድማ ገሊጹ፡፡

ኣብ መወዳእታ ኣቶ እድሪስ ዓሊሸር፡ ዝ.ኢ. ዕወት መደብ ዝመደበን ዘማሓረን ኣዛዚ እዚ ግንባር ማእከል ብምምስጋን፡ ኣባላት



ሓይልታት ምክልኻል ኣብ ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ ዘሰሰልዎ ዘለዉ ንጥፈታት ምዕቃብ ማይን ሓመድን፡ ምግራብ፡ ስራሓት ጽርግያ፡ ምህናጽ ትካላት ጥዕናን ሜዳ ስፖርትን ካልእን ስለ'ቲ ሓልዮቶምን ተወፋይነቶምን ብስም ህዝቢ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣማስጊኑ፡፡

ኣብቲ ሓለፍቲ ክፍልታት ምምሕዳር ዞባ ደቡብ፡ ኣዘዝቲ ሰራዊት፡ ተቐማጦ ኣምበስተ-ገለባን ዕድመ ዝተገበረሎም ካልኦትን ዝተረኽቡሉ ጽምብል፡ ፍሉይ ኣብርኽቶ ዝገበሩ ኩሎም ዘዘተዳለወሎም ህያባት ተቐቢሎም፡፡





# ቤት ትምህርቲ "ብርክሰና" ኣጀርበብ ኣብ ርብዒ ዘመና



ከተማ ከረን ንድሕሪት ገዲፍና፡ ምስ ብጾተይ ኝሽክ ሶሜናዊ ምብራቕ ኣሰታት 20 ኪሎ ሜትር ርሒቑ ናብ ዝርከብ ንኡስ ዞባ ሓመልማሎ፡ ምምሕዳር ከባቢ ኣጀርበብ ተበገስና።

ኣጀርበብ ብየበይቲ ጎቦታትን ኣኽራናትን ዝተኸበት ኩይና፡ ብየማነ ጸጋማውን ብየበይቲ ሩባታትን ሰንጭሮታትን ተሓቝፋ ትርከብ። ወይኑደጋዊ ከኸታት ኣየር ድማ ትውንን። ጉዕዞና ቀጺልና 'ሳንቃ' እትበሃል ዓዲ ሓሊፍና'ሞ፡ "ኣሹካ" ዝበሃል፡ ኣጀርበብ ዝተደኮትሉ በሪኽ ቦታ በጺሕና። ኣብኡ ኳንካ ብዙሓት ጀጋኑ ዝወደቑሉም ጎቦታት ማለት፡ ጎ ጀጊሩ፣ ተከሉ፣ እንጀሓይ፣ እንስ፣ ምርድ-ሓዋይ፣ ቲሩን ካልኦትን ይረኣዩ። ዕላማ ጉዕዞና፡ ኣብ ጽምብል መበል 25 ዓመት ምኽፋት መባእታ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ብርክሰና፡ ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ኣጀርበብ ንምስታፍ እዩ ዝነበረ።

ትምህርቲ ምህላወን ዕቤትን ዘውሕስን ሕቶታት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ዝምልሰን እዩ። ፖሊሲ ቋንቋታት መንግስቲ ኤርትራ፣ ንድሌታት ብዙሕነት ዝምልሰን ማሕበራዊ ጥርናፌ ዘረጋግጽን ኩይኑ ተነዲፉ ይርከብ። "ኩሎም ቋንቋታት ኤርትራ፣ ብዘለ. ተዛረብቶምን ደረጃ ምህላዎምን ብዘየገድስ፡ ማዕረ እዮም" ድማ ይብል። በዚ ድማ፡ ቋንቋታት ኤርትራ ብማዕረ ኽዓቢ ብ ተመሃሮ፡ ኣብ መባእታ ደረጃ ብቛንቋ ኣደ ክመሃሩን ክሳብ ዓሰርተኽልተ ክፍሊ፡ ከም ዓይነት ትምህርቲ ክመሃርዎ ብፖሊሲ ደረጃ ተዋሂሩ ኣሎ። እዚ፡ ንማሕበራዊ ጥርናፌን ምህላወን ዜጋታት ይደርኽ፡ ብየበኣውን ሃገራዊ ውሕስነትን ሓድነትን የረጋግጽ። እዚ ሃገራዊ መርሓ እዚ ኣብ ሓደ ለይቲ ኣይመጸን።

ቋንቋ ኣደ ከም ቀዳማይ ቋንቋ ወይ ሰር ቋንቋ ተባሂሉ ይጽዋዕ። እዚ ቋንቋ እዚ፡ ህጻን ካብ ዝተወለደላ ወዲት እዋን ኣትሒዙ ካብ ስድራኡ፣ ከባቢኡን ሕብረተሰቡን ይመሃሮ። እቲ ህጻን ብዘለዎ ብቐሊሉን ክዛረቦ ዝኽእል ቋንቋ ብምዃኑ ድማ፡ ንመግለጺ መንነት ናይ ማሕበረ-ቋንቋዊ ኩይኑ የገልግል።

ቋንቋታት ኤርትራ ከም ባህላውን ማሕበራውን ወርሻታት ሕብረተሰብ ኤርትራ እዮም ዝረኣዩ። ብመሰረት ዝተዳለወ ሃገራዊ ዋዕላ ማሰረታዊ መትከልን ፖሊሲን መንግስቲ፡ ድማ፡ ኩሎን ብሄራት ኤርትራ፣ ኣብ መባእታ ደረጃ ትምህርቲ ብቛንቋ ኣደ ክምሃራ ጀሚረን። ትምህርቲ ብቛንቋ ብሌንውን ንመጀመርታ እዋን ኣብ 1997/98 ኣብ መባእታ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ብርክሰና ፈሊሙ።

ትምህርቲ ኣብ ኣጀርበብ ኣብ 1959 ዓመተ-ምሕረት እዩ ክሳብ ካልኣይ ክፍሊ ተኸፊቱ። ቤት ትምህርቲ ንኽኸፈት ብዙሓት ዜጋታት ኣበርክቶ ነይርዎም እዩ። ተቐማጦ ኣጀርበብ ንዘዘበስ ኣበርክቶ ንምድራዕ ብጉልበቶምን ንዋቶምን መማሃሪ ዝኸውን ዳስ ሰሪሖም። 120 ተመሃሮ ድማ ተመዝጊቦም። ኣብቲ እዋንቲ ናይ መጀመርታ መማህር፡ መም. ዘርኡማርያም ወልዕ ነይሮም። እዞም መማህር እዚኦም፡ ካብ ኣጀርበብ ሓሊፎም ካብ በኸዳራ፣ ፈርሓን፣ ከብዝ፣ ሓንሕልን ሳንቃን ዝመጹኡ ተመሃሮውን ምሂሮም። እንተኾነ ናብ ሳልሳይ ክፍሊ ዝሓለፉ ተመሃሮ ኣጀርበብ ትምህርቶም ክቕጽሉ ኣይክኣሉን። በዚ ምኽንያት፡ ኣብ 1961/62 ንመሳእ ከባቢታት 'ሸሸና' ዘገልግል ናይ ሳልሳይ ክፍሊ ቤት ትምህርቲ በኸዳራ ኣብ ዝተባህለ ማእከላይ ቦታ ተኸፊቱ። "ሸሸና" ንጋሰርተ ሓደ ዓድታት ብሌን ዝጥርንፍ ስም ምኻኑ ይግለጽ። የግዱ ኣብያተ-ትምህርቲ ኣጀርበብን በኸዳራን ኣብ መጀመርታ ሰብዓታት፡ ብሸፍትቲ ዝበረ ጭቆናን ግፍዕን ገዛኢቲ ኣገልግሎተን ከቋርጻ ተገዲደን እየን።

ተቐማጦ ኣጀርበብ ከም ኩሉ ህዝቢ ኤርትራ፣ ብስርዓታት ሃይለስላሴን ደርግን ደምዩን ተሰዲዱን እዩ። ዝበዝሑ ገዛውቲ ብወተሃደራት ኢትዮጵያ ተቓጺሎም። ሰልማትን ከብርታትን ኣደታት ተመዝሚዮም። ዕድላት ምምሃርን ፍልጠትን ኣብ ሓደጋ ወዲቑ። በዚ ኸኣ ተቐማጦ ከባቢ ኣጀርበብ ናብ ከረንን ሰዲትን ፋሕፋሕ ስለዝበሉ ኣብቲ ከባቢ ሰሩዕ ትምህርቲ ኣይነበረን።

ተቐማጦ ኣጀርበብ ድሕሪ ናጽነት ናብ ባዶ መሬት ዓዱ ተመሊሱ፣ ገዛውቲ ኣይጸንሖን። ኣሃዱ ኢሉ ክጣየስ ከኣ ጀሚሩ፣ ብሓያል ጻዕሪ ካብ ኣጉዶ ናብ መረበ ተሰጊሩ። ተቐማጦ ኣጀርበብ ኣብ ትምህርቲ ዘለዎ ድሌትን ፍቕርን ኣይወዳዳእን እዩ። ኣብ 1993፡ ሽማግለታት ዓዲ ተወከሎም፡ ብዙሕ ርእሶም ቤት ትምህርቲ ክስርሑ ንዝምልከቶም ሓለፍቲ መንግስቲ ሓቲቶም።

ኣብቲ እዋንቲ፡ ህጻናት ኣጀርበብ ናብ ፈለዋርብ ዝተባህለ ዓዲ ከይዶም ይመሃሩ ነበሩ። ፈለዋርብ ግን ካብ ኣጀርበብ ንግበይቲ ናይ 2 ሰዓት ራሕቂ ዘለዎ እዩ። ንህጻናት ድማ ብህጹጹ ክኸውን ይኽእል። ህጻናት ክኸዱን ክምለሱን ብጥሜትን ጽምእን ይጥቅዑ ስለዝነበሩ፡ ሕቶኦም ቀጻሊ ነይሩ። ንዝወጸም እውታዊ ምሽኽ ምርካስ ብምሃብ ድማ፡ መማሃሪ ክፍልታት፡ መንበሪ መማህራን ከም ዝርርሑ ሓቢሩ። በዚ ከኣ ኣብ ወሸጥን ወጻእን ዝነበሩ ደቂ ዓዲ ተሓባቢሮም ሰለስተ መማሃሪ ዳስ ሰሪሖም መማህራን ቈጺሮም። ህጻናት ኣጀርበብ ድማ ኣብ ዓዶም ክምሃሩ ጀሚሮም።

ኣብ 1997/98 ግን ንተቐማጦ ኣጀርበብ ሓድሽ ባብ ትምህርትን ፍልጠትን ተፈጢሩሉ። ሕቶኡ ምሉእ ብምሉእ ተመሊሱ፣ ኣብቲ ዓዲ ብቛንቋ ኣደ ብሌን መባእታ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ኣጀርበብ ተኸፊቱ። ማዕረ ማዕሩ ድማ መማህራን ቋንቋ ብሌን ሰልጢኖም። ዘድሊ ምድላዋት ምስ ተዛዘመ፡ ዝነበሩ ዳሳት ዳግም ብኽፍልታት ተተኪኦም። እዛ ቤት ትምህርቲ ከኣ ብመባእታ ደረጃ ቤት ትምህርቲ "ብርክሰና" ተጸውዐት። "ብርክሰና" ዝተባህለትሉ ምኽንያት፡ ብቛንቋ ብሌን 'ወጋሕታ' ማለት እዩ።

መባእታ ደረጃ ቤት ትምህርቲ 'ብርክሰና' ኣብ መወዳእታ ወርሒ ግንቦት 2023፡ መበል 25 ዓመት ምጅማር ትምህርቲ ብቛንቋ ብሌንን ብፈደላት ላቲንን ኣብዒሉ። እቲ ጽምብል ኣብ መባእታ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ብርክሰና እዩ ተኻዪዱ። ኣብቲ ኣጋጣሚ፡ ኣመሓዳሪ ዞባ ዓንሰባ ኣምባሳደር ዓብደላ ሙሳ፡ ሓላፊ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ዓንሰባ ኣቶ ክፉላይ ዓንደሚካኤል፡ ሓለፍቲ ማሕበራትን ግበይቲ ዓድን ከምኡ ድማ ዕዱማት ኣጋይሽ ተረኺቦም ነይሮም። ኣብቲ ጽምብል ኣመሓዳሪ ዞባ ዓንሰባ ኣምባሳደር ዓብደላ ሙሳ፡ ኣጀርበብ ታሪኻዊ ቦታን ደጀን ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራን ከም ዝነበረ ጠቒሱ ተቐማጦ ኣጀርበብ ድማ ንተጋደልቲ ደቁ ሓቝፉ ዘግመቑን ደቁ በጃ ሃገር ዘወፈየን ደጀን ህዝባዊ ግንባር ከም ዝነበረ ገሊጹ። ንሱ ኣሰዒቡ፡ ህዝባዊ ግንባር፡ ብዝሃበ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ንጹር መትከላትን ዕላማታትን ዝኽተል ምኻኑ ብምሕባር፡ ብፍላይ ኣብ መዳይ ትምህርቲ ልዑል ከምዝሰርሐ ኣዘኻኺሩ። መባእታ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ብርክሰና ድማ ኣብነት ናይዚ ምኻና ገሊጹ።

ተቐማጦ ኣጀርበብን ተመሃሮ መባእታ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ብርክሰናን ነቲ ጽምብል ዘድምቕ ዝተፈላለዩ ትምህርታዊ ግጥምታት፡ መዝሙራት፡ ድራማ፡ ያታዊ ሳዕስዒትን ደርፍን ብምቕራብ ንተሳተፍቲ ኣዘናጊዖም፡ ትምህርታዊ መልእኽትታት ድማ ኣመሓላሊፎም።

ሓላፊ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ዓንሰባ መማህር ክፉላይ ዓንደሚካኤል ብወገኑ፣ ተቐማጦ ኣጀርበብ መበል 25 ዓመት ምጅማር መባእታ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ብርክሰና ከምዚ ኣሉ ብኽብ ዝለ ስነስርዓት ክጽምብል ምብቃዑ ሓጎሱ ድሕሪ ምግላጽ፡ "እዚ ቤት ትምህርቲ ኣብ 1998 ክኽፈትን ሎሚ ርብዒ ዘመኑ ክጽምብልን እንከሎ፡ ኣብ ክልተኡ ብዓቢ ብምርካበይ፡ ፍሉይ ዝኾነ ጦብላሕታን እዩ ኣሕዲሩለይ ዘሎ" ክብል ሓቢሩ። ንሱ ኣሰዒቡ፡ እዘን ዝሓለፋ 25 ዓመታት፡ እንታይ ዋጋ ተኸፊሉወን፡ ዝተረኽበ ዓወታትን ብድሆታትከ እንታይ ይመስል ነይሩ፣ እኹል መዘምዘሚ ክኸውን ከምዝኽእል ብምምልካት፡ ተቐማጦ ኣጀርበብ ብሓያል ወኒ፡ ድሌትን ሃረርታን ናይ ትምህርቲ፡ እዛ ቤት ትምህርቲ ክትከፈት ምግባሩ ኣድናቖቱ ገሊጹ። እዛ ዓዲ ቤት ትምህርቲ ምኽፋታ ጥራይ ዘይኮነ፡ ብቛንቋ ላቲን ዝፈለመት ቤት ትምህርቲ ምኻና እውን ወሲኹ ኣረዲኡ።

መንግስቲ ማሕበራዊ ፍትሒ ንምንጋስ ብዘወሰዶ ዘሎ ተበግሶ፡ መጀመርያ ምህሩይ ኣገልግሎት ማሕበራዊ ሕቶታት ንምምላስ ደሰርሕ ከምዘሎ ዝጠቐሰ መማህር ክፉላይ፣ ኣብ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ብዙሓት መዋእለ-ህጻናት፡ መባእታ፡ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃታት ኣብያተ-ትምህርቲ ተኸፊተን ስሩዕ ትምህርታዊ ኣገልግሎት ኣብ ምሃብ ከምዝርከባ ሓቢሩ። ተቐማጦ ኣጀርበብ ድማ፡ ኣብ ትምህርቲ ምሉእ ሓላፍነት ወሲዱ ዝሰርሕ ዘሎ ሕብረተሰብ ብምዃኑ፡ ነቲ ጽምብል ክብረትን ርዝነትን ስለዘወሰኸሉ ኣመስጊኑ።

ተመሃሮ መባእታ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ብርክሰና፡ ድሕሪ ምዝዛም ናይ መባእታ ደረጃ ትምህርቶም፡ ኣብ ዓዶም ናይ ማእከላይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ የብሎምን። ናብ ማእከላይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ፍለዋርብን ከተማ ከረንን እዮም ዝኸዱ። ብሸኺ. ራሕቂ ከኣ፡ ተመሃሮ ግዳይ ድኻምን ናይ መብዝሖ ጸገማትን ከምዝጋጥሞም ይግለጽ። ነዚ ህላወ ጸገም ማሰረታዊ ፍታሕ ንምምጻእ ከኣ፡ መባእታ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ብርክሰና ናብ ማእከላይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ትዓብየሉ ዕድል ክፍጠር ጸዕርታት ክገየድ ምኻኑ መማህር ክፉላይ ገሊጹ።

ኣብ መባእታ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ብርክሰና፡ ተሳትፎን ወሻጣዊ ብቕዓትን ደቂ-ኣንስትዮ በሪኹ ኣሎ። ናይ 2022/23 ካብ ቀዳማይ ክፍሊ ክሳዕ ሓምሻይ ክፍሊ ናይ ፍርቂ ዓመት ብሉጻት ተመሃሮ፡ 68% ደቂ-ኣንስትዮ ምኻነን ርእሰ መማህር መባእታ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ብርክሰና መም/ ዲሕኑ ገሊጹ። እዚ ዕቤት መለሱ ንኸሰስን ወለዲ፣ ሓለፍቲ ትምህርቲ፣ ሓለፍቲ ምምሕዳር፣ ሓለፍቲ ማሕበራት መኻርኽቲ ኣካላት ልዑል ኣበርክቶ ከዝበሩ ድማ ኣዘኻኺሩ።

ብዘወሰኸ፡ መባእታ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ብርክሰና ብፈደላት ላቲን ናይ ቋንቋ ብሌን ስለ እትምህር፡ ግበይቲ ኣሕዋዮም ኩሎ ወለዶም ክሕግዝዎም ከም ዘጸገሙ እኹላት መወከሲታት መጽሓፍቲ ከምዝየረኽቡን መም/ ዲሕኑ እንፃረ መንገዲ ሓቢሩ። እንተኾነ፡ ኣብዛ መባእታ ቤት ትምህርቲ እዚኣ ዝተመሃሩ ህጻናት፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ሞያውያን ዓውድታት፡ ምምህርና፣ ምህንድስና፣ ጥዕና፣ ሕጊ፣ ሞያታት ህንጻን ካልኦትን ብምስታፍ ልዑል ኣበርክቶ ይገብሩ ከምዘለዉ ኣሰሚሩሉ።

መባእታ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ብርክሰና፡ ሽዱሽተ መማሃሪ ክፍልታት፡ መንበሪ መማህራን፡ ሽዱሽተ ሽቓቕ፡ እኹል ዝስተ ጽሩይ ማይ፡ ጸሓያዊ ጸዓትን ምሉእ ቀጽሪ ቤት ትምህርቲን ትውንን። ብዘወሰኸ፡ ኣብዛ ቤት ትምህርቲ መውዓሊ ህጻናት፡ መባእታ ደረጃን ትምህርቲ ንግበይትን እውን ይርከብ።

**መም/ እዮብ ርእሶም**

**ህ/ር/ማ/ትምህርቲ**





## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:05 | ኤርበክስ |
| 09:30 | ፊዮሪና |
| 10:10 | ፓኖራማ |
| 11:00 | ማእገር |
| 13:00 | ዶክተራት ኣብ ስቱድዮ ቀጥታ |
| 13:45 | ቀስተ-ድሕነት |
| 14:00 | ሞዚይክ |
| 16:30 | ፊልም 'እንዳ ዝሞም' |
| 17:05 | ፍረ-ጻዕሪ |
| 17:30 | ስርሒት ባርካ፡ 1985 |
| 18:05 | 30 ዓመታት ኣብ መኸተ |
| 18:40 | መደብ ህርመት |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | እትመት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ወድድር ሓፈሻዊ ፍልጠት ቡያ |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ዓለም ስፖርቲ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

## ሰኑይ

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዕላል ጥበባት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ሄሎ ደብይዋ |
| 15:30 | ፊልም |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፊ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:40 | ደረት ቃና |
| 19:10 | ሳይዳ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ሰሙናዊ ፍጻሜታት ስፖርት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ካብ ዞባታት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | መደብ ሌላ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ንዕማ ጀማል ማሕሙድ ምባል ተረፉ፥ ንዕማ ጀማል ዓብዱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/9/23 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

ክብራ ሙልጌታ በላይ ምባል ተረፉ፥ ሓበን ሙልጌታ በላይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ ን4/10/23 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ቁ.37 ይቕረብ።

ሰላም ተኸስተ ኪዳነ ምባል ተረፉ፥ ሰላማዊት ተኸስተ ተከኤ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ ን5/10/23 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.35 ይቕረብ።

ግርማዊት በረኸትኣብ፥ በዓልቤተይ ቢንያም በረኸት ደባስ፥ 11 ዓመት ደሃይ ስለዘይብሉ፥ ናይ ጥፉእ ውሳነ ይወሃበኒ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/10/23 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.37 ይቕረብ።

ከሳሲ. መብራህቱ ተኽለ ተስፋልደት፥ ተኸሳሲ. ሳላሓዲን መሳ ዑመር፥ ናይ ስም ምትሕልላፍ ክሲ. ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን4/10/23 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.32 ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፥ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ።

ት/ዕድመ ቬኑስ ሰለሙን ተኽለሚካኤል ምባል ተረፉ፥ የዲት ሰለሙን ተኽለሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/10/23 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.35 ይቕረብ።

መዚት ተከኤ ገረዝጊሄር፥ ስም ኣደይ ኣንገሶት ኣብርሃም ሓጎስ ምባል ተረፉ፥ ዑቕበት ፍስሃጼን ደምሳስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/10/23 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.35 ይቕረብ።

ፍጹምብርሃን ተሰፉ ምባል ተረፉ፥ ፍጹም ተሰፉ ገብረማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/10/23 ኣብ ቤ/ፍ መጋባእያ ቁ.37 ይቕረብ።

ራሄል ግርማይ ምባል ተረፉ፥ ዳናይት ግርማይ ሃብተገርገሽ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/10/23 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ቁ.37 ይቕረብ።

ሰገን በረኸት ጉብረትንሳኤ ምባል ተረፉ፥ ሰገን በረኸት ጉብረንጉሰ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/9/23 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

ኣልማዝ በራኺ. ግርማይ ምባል ተረፉ፥ ለተብርሃን ገብረሂወት ዑቕባዝጊ. ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/10/23 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቁ.41 ይቕረብ።

ኤደን ተስፋይ ሃይሉ፥ ተጸዋዒ. ዊድሰን ባንደላ ናይ ሞግዚትነት ክሲ. ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን17/10/23 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቁ.41 ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፥ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ።

ከሳሲት ለተሚካኤል ደብሳይ ዘርኣብሩኽ፥ ተኸሳሲ. ኣብዝበር ዓሊኑር ድራር፥ ናይ ማኪና ስም ምትሕልላፍ ክሲ. ተኸፊቱልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን16/10/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፥ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ።

ፍትሒ. ዑመር ዓብደልቃድር ምባል ተረፉ፥ ዓብዱራሕማን ዑመር ዓብደልቃድር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/10/23 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኢሰያስ ጉብሽ ነጋሲ. ምባል ተረፉ፥ ኢሳይያስ ገብረማስቀል ነጋሲ. ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/9/23 1ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣበባ ምሕረቱ፥ ስም ሰወእ በዓል-ቤተይ ዓብደላ ዓሊ ምባል ተረፉ፥ የውሃንስ ዑመር ኣሕመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/9/23 1ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

ቅሳነት ኣብርሃ ጺጋይ ምባል ተረፉ፥ ቅሳነት ኣብርሃም ጺጋይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/10/23 3ይ መጋባእያ ቁ.37 ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ ሓሙስ

ወ/ሮ ጸሃይቭሽ ገብረማስቀል ስኢሉ፥ ሓፍተይ ጸገ ገብረማስቀል ስኢሉ ስለዝዓረፈት፥ ሓዳር ይኹን ወላድ ስለዘይብላ፥ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/8/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ፋትኣል ሰዩም በየነ፥ ወለደይ ሰዩም በየነ ዛህላይን ትብለጽ ኣውዓለም የሰኣብን ስለዝዓረፉ፥ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/8/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ኣባሻውል

ወ/ሮ ኣስካሉ ማሓሪ ገብረሰላሴ፥ በዓል-ቤተይ ዑቕባጋብር ወልደሰላሴ ጋርዛ ስለዝዓረፈ፥ ንዓይ ናይ መጻምዲ. ማሰለይ ይተሓለወለይ፥ 10 ደቅና ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ገዛ ባንዳ

ወ/ሮ ግደይ ተስፋሰላሴ ገ/ማስቀል፥ በዓልቤተይ እያሱ ሰበሁት ወልዱ ስለዝዓረፈ፥ ንዓይ ናይ መጻምዲ. ማሰለይ ይተሓለወለይ፥ 5 ደቅና ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ገጀረት

ኣቶ ዓቢ. ይሕደጎ ገብረሚካኤል፥ ወረደ በርሀ ገብረመድህን ስለዝዐረፈ፥ ናይ ወዲ ኣሞይ ወራሲ. ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ኣብርሀት ፍስሃዬ ቀለታ፥ ተኸሳሲ. ኣቶ ሃይለኣብ ዓንደም ኪዳነማርያም፥ ብዝዝበርናዮ ፍትሕ መሰረት ምቅሊት ኽንዝበር ዝበል ክሲ. ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን19/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

ወ/ሮ ክብራ ግርማጽዮን ገብረመድህን፥ በዓልቤተይ ተወልደ ገብረእግዚኣብሄር ቃልኣብ ስለዝዓረፈ፥ ንዓይ ናይ መጻምዲ. ማሰለይ ይተሓለወለይ፥ 3 ደቁ ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ሰምበል

ሜጀር ኣማሓጻሪ ኪዳነ ተስፋማርያም፥ ወለድና ኪዳነ ተስፋማርያም ተስፋጽዮንን ወ/ሮ ለተገርግስ ገ/ጻድቕን ስለዝዓረፉ፥ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ኣቶ ገብረማስቀል መብራህቱ፥ እንግዱ ኣዴና ታደለሽ ወልደኣምላክ ሃብተሚካኤል ስለዝዓረፈት፥ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ሕምብርቲ

ወ/ሮ ኣፈና ክፍልዝጊ. ሰመረኣብ፥ በዓል-ቤተይ ኪዳነ ገረንስኤ ካሕሱ ስለዝዓረፈ፥ ንዓይ ናይ መጻምዲ. ማሰለይ ይተሓለወለይ፥ 3 ህልዋት ደቅና 1 ሰወእ ተተካኣኢት 1 ጓሉ ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/8/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ወ/ሮ ሓዳስ ተስፋጼን ማሞ፥ ተኸሳሲ. ኣቶ ናህም ኣፈወርቂ ደረሰ፥ ናይ ሓዳር ክሲ. ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን26/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፥ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ሰገነይቲ

ወ/ሮ ኣለም ገብረትንሳኤ ገብረኪዳን፥ ጓለይ ኣልማዝ ርእሶም ገብረሃዋርያት ስለዝዐረፈት፥ ሓዳር ይኹን ወላድ ስለዘይብላ፥ ኣነ ወራሲታ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ 02.03.04 ጾረት ጊንዳዕ

ወ/ሮ ትዕበ ተስፋሁነይ ገብረእግዚኣብሄር፥ በዓልቤተይ ኢብራሂም መሓመድ ኣብዝበር ስለዝዐረፈ፥ ንዓይ ናይ መጻምዲ. ማሰለይ ይተሓለወለይ፥ 3 ደቁ ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/8/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ዓንሰባ ከረን

ዓብደኪያር መሓመድ ሓጎስ ምባል ተረፉ፥ ዓብዱ ኪያር መሓመድሓጎስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ከባቢ. 03 ከረን

ወ/ሮ ወይኒ. ተከኤ የማነ፥ ተጸዋዒ. ኣቶ ዮናታን ቃልኣብ ተስፋዝጊ፥ ናይ ሓዳር ክሲ. ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን26/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

ደሃብ ተወልደብርሃን ኤፍሬም፥ በዓልቤተይ ፍቅረ በየድ ናትናኤል ስለዝዓረፈ፥ ንዓይ ናይ መጻምዲ. ማሰለይ ይተሓለወለይ፥ 5 ደቁ ደማ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረትን ሃብትን ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/8/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

ወ/ሮ ጽገረዳ ፍስሃየ ደብሳይ፥ ሓብትና ጽገወይኒ. ፍስሃየ ደብሳይ ስለዝዓረፈት፥ ኣነ ምስ 1 ሓወይ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ገዛዘበን ንብረትን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/8/23 ኣብ ቤ/ፍ 1መጋባእያ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ሻምብቆ

ኣቶ ባቡሽ ገብረኣብ ገብረእግዚኣብሄር፥ ኣደይ ዑቕባማርያም ባይረ ብርሃነ ስለዝዓረፈት፥ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/10/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ቤት-ፍርዲ ዞባ/ጋ/ባርካ ጎልጅ

ሳልሕ ሓጅ እድሪስ ምባል ተረፉ፥ ሳልሕ እድሪስ መሓመድዓሊ. ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ጎልጅ

ከሳሲ. ኣቶ ዮናስ ብርሃነ ቦኽረጼን፥ ተኸሳሲ. ኣቶ መሓመድኑር ስራጅ ኣሕመዲን፥ ብዕለት 18/03/2021 ዓ/ም ናይ ዋንነት ተኸሳሲ. ዝኾነት ማኪና ክረሲዳ ዝዓይነታ ናይ ገዛ ማኪና ቁጽሪ ሰሌዳ ER-1-A 9276 ቁ/ቻሲ. RX81-0040434 ቁጽሪ ሞተር 22R-3683133 ዝኾነት ሸይጡለይ ስም ክየመሓላለፈለይ ኣድራሻኡ ስለዝይተፈልጠ ይጸወዓለይ ስለዝበለ፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን30/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፥ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ።

---

ኣብ ዞባ ማእከል ኣስመራ ን/ዞባ ሰሜናዊ ምብራቕ ምም/01 ኣብ ዝርከብ ናይ 09/05/2000 ብመለለዪ ቁ.ንብረት 54029/89538 ብስም ወ/ሮ ዘውዲ ኪዳነ ገብረእግዚኣብሄርን ኣቶ ተስፋይ መሓሪ ዓንደንደገርግሽን ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ፥ ብዕለት 17/08/2021 ብዝተፈጸመ ውዕል መሸጣ ብስም ማሕበር ቅዱስ ሚካኤል ዓዲ ጉብራይ ተቐማጦ ኣስመራ ዝዓደግናዮ ስለዝኾነ፥ ናብ ስምና ከመሓላልፍ ስለዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ. ምልክታ ካብ ዝተቓልሓሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ. 30 መዓልታት ሰልጣኑ ናብ ዝተፈቐዶ ቤት ፍርዲ መቃወምያኡ ናብ ክፍሊ. ፓብሊክ ኖታሪን ሃገራዊ ካዳስትራል ከቕርብ ንሕብር። እዚ. ከይኮነ ምስ ዝተርፍ ግን ስም ዋንነት ናይዚ. ንብረት ናብ ስምና ክመሓላለፈልና ናብ ዝምልከቶ ኣካል ክንሓትት ምዃንና ንሕብር።

ማሕበር ቅዱስ ሚካኤል ዓዲ ጉብራይ ተቐማጦ ኣስመራ

---

ኣነ መኣዛ በርሀ ገብረያሱስ፥ ወላዲተይ ወ/ሮ መብራት ወልደሰላሴ ወልደኣብ ብዕለት 20/6/2023 ብዘበረትለይ ወህበቶ፥ ኣብ ከተማ ኣስመራ ከባቢ. ዕዳጋ ሓሙስ ዝርከብ ቁ.ፓርሰል/ዞን ASP000039867 ፕሎት 30 ፓርሰል F ከባቢ/ ዚፕ ኮድ ዕዳጋ-ሓሙስ 1A157 ጎደና 116-5፥ ኣብ ሚኒስትሪ መሬትን ማይን ኣከባብን ቤ/ጽ ካዳስተር ብመለለዪ ቁ.ንብረት 1፡008951/1 ብስም ወላዲተይ ወ/ሮ መብራት ወልደሰላሴ ወልደኣብ ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ፥ ዘጠቓልል ስፍሓቱ፥ 107.1 ት/ሜ ዝኾነ፥ ቀንዲ ክፍልታት 3 ተሓጋዚ. ክፍልታት 3 ዘጠቓለለ ገዛ፥ ናብ ስመይ ከመሓላልፍ ስለዝደለኹ፥ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ. 30 መዓልታት ካብ ቤት ፍርዲ መአገዲ. ሐዙ ናብ ቤ/ጽ ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ካዳስተርን የቕርብ።

ወ/ሮ መኣዛ በርሀ ገብረያሱስ

---

ኣመልካቲ. ብርሃነ ገብረ በርሀ ዝተበሃልኩ፥ ኣብ ኣስመራ ንኡስ ዞባ ማእከል ከተማ ዝርከብ ስፍሓት መሬት 113.30 ት/ሜ፥ ቀንዲ. ክፍሊ. 4 ምስ 2 ተሓጋገዝቲ. ዘጠቓለለ ፕሎት 1P ፓርሰል E ASP000094017ዝኾነ ገዛ፥ ካብ መሓመድ ከማል ዓብደልቃድር ዝዓደግኩዎ፥ ኣብ ቤት/ጽ ካዳስተር ብቑጽሪ ምዝገባ ንብረት 1/007978 ብሽም ሺያጢ. ዝተመዝገበ ኣፓርታማ፥ ናብ ስመይ ከመሓላልፍ ስለዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ. ሐዙ ኣብ ውሽጢ. 30 መዓልቲ ኣብ ቤት/ጽ ነታዩ ዞባ ማእከል ይቕረብ።

ብርሃነ ገብረ

